# ሃገራዊ ዜና: ስርዓት ህግደፍ ምንም ኣበሳ ዘይብሎም ሉሉያትን ለባማት ኣቦታት ኲናማ ይኣስር ከም ዘሎ ምንጪታትና ሓቢሮም

ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ብሄር ኲናማ ካብ ዘለዎ ኲቱር ጽልኣት ተበጊሱ፡ ኣብ ከባቢ ብሄር ኲናማ ሰራዊቱ ኣዋፊሩ ጸላም ተጎልቢቡ ብለይቲ ሉሉያትን ለባማት ኣቦታት ሒዙ ይኣስር ከም ዘሎ ምንጪታትና ካብ ውሽጢ ሓቢሮም፡፡

በዚ መሰረት ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዱታ ንዝምህር መምህር ናፖሊዮ ወይ ኣማረ ባሻይ ኣብ ወርሒ 8/2015 ለይቲ ካብ ገዝኡ መጺኦም ከም ዝወሰዱዎን ክሳብ ሕጂ ሃለዋቱ ከም ዘይፍለጥ ምንጪታትና ካብ ውሽጢ ሓቢሮም፡፡ እቲ ዜና ወሲኹ ከም ዝሓበሮ ንናፖሊዮ ወይ ኣማረ ወርሓዊ ዶሞዝካ 700.00 ናቕፋ ከመይ ገርካ ዱኳን ከፊትካ፡ ገንዘብ ካበይ ኣምጽእካዮ ብዝብል ጉልባብ ኣብ ደገ ምስ ዘለው ርክብ ኣሎካ ብዝብል ምስምስ ከም ዝሓዙዎ ሓቢሩ፡፡ ናፖሊለዮን ባሻይ በዓል ሓዳርን ኣቦ ቀልዑን እዩ፡፡

ብተመሳሊ ዜና ኣብ ወርሒ 6/2015 ካብ ከባቢ ዶኪንቢያ ንሓደ ለባም ኣቦ ኣሊ ዳጋነ ለይቲ መጺኦም ብዘይ ምንም ሕቶ ሒዞሞ ከም ዝወሰዱዎ ተፈሊጡ፡፡ ኣሊ ዳጋነ ኣቦ 8 ቀልዑን፡ ኣብ ህዝቢ ብባህላዊ ሕክምና ዘገልግሉ ዝነበሩ ከም ዝኾነ እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ፡፡ ከምኡ እውን ኣብዛ ወርሒ 6/2015 ብዕድሜ ንዝደፍኡ ኣቦና ጸጋይ ታኪራ ንምሓዝ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን እቶም ኣቦ ብዕድመ ኣዚዮም ዝዓበዩ ምኻኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ንወዶም ኪዳነ ጸጋይ ታኪራ ኣብ ክንድኡ ሒዞሞ ከም ዝኸዱ እቲ ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡ ዓሊ ደጋነን ኪዳነ ጸጋይ ክሳብ እዛ ዕለት ሃለዋቶም ከም ዘይተፈልጠ እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ፡፡

ቤት ጽሕፈት ዜናን ፖሮፖጋንዳ ዲምሓኲኤ
13/08/2015